# እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ናብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ መዓልታት ከምኡ ከኣ ኣብ መጻኢ ዘሎ ተኽእሎታት 2021

# Välkommen till Gymnasiedagarna & Future Skills 2021

ዕላማ ናይ ጂምናሲዳጋርና ንዓኻ ናይ መጻኢ ናይ ትምህርቲ ምርጫኻ ንክትድህስስ ዕድል ምሃብ ኢዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ካብ ዕለት 26-28 ጥቅምቲ ክካየድ ኢዩ። ቅድሚ እቲ ዕለት ምእኻሉ ግን ብክልተ ደስ ዝብሉ ኣርእስትታት ገይርና ሓበሬታ ናይቲ ምርጫ ከነዳልወልካ ኢና።

## ቴማ ቁጹሪ 1፥ **<u>ኣነን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ምርጫን</u>**

ቀንዲ ቴማ ናይ ቀዉዒ ብዛዕባ እቲ ዘሎ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምርጫታት ኽፋልጠካ ወይ ከላልየካ እዩ። ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ ምስ እተፈላለየ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ መደባት ክትፋለጥ, ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ክትሳተፍ ከምኡ ውን ጽቡቅ ምርጫ ንኽትመርጽ ክሕግዘካ ዝኽእል እተፈላለየ ፈተናታትን ልምምድን ተዳልዩ ኣሎ። ቴማ ቁጽሪ 1 ኣብ 37 ሰሙን (vecka 37) እዩ ዝካየድ።

## ቴማ ቁጹሪ 2፥ **<u>ኣነን ናይ መጻኢ ስረሐይን</u>**

እቲ ኻልኣይ ኣገዳሲ ቴማ ናይ ቀዉዒ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ክህሉ ዝኽእል ናይ ስራሕ ህይወትካ ከምኡ ውን እቶም ኣብ ቅድሚካ ዝጽበዩካ ዘለዉ ናይ ስራሕ ተኽእሎታት ኢዩ። እቲ ቴማ ብኤለክትሮኒካዊ መጽናዕቲ ምብጻሕ, ሲቪ ምጽሓፍ, ቃለ መጠይቅ ቤት ትምህርቲ ከምኡ ውን ሰሓቢ ዎርክሾፕ ዘጠቓልል ኢዩ። ቴማ ቁጹሪ 2 ኣብ 40 ሰሙን (vecka 40) ኢዩ ዝካየድ።

## <u>ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ካብ 26_28 ጥቅምቲ</u>

ካብ 26-28 ጥቅምቲ ናይዚ ዞባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ ውን ኢንዱስትሪታትን ኩባንያታትን ኣብ ጂምናሲዳጋርና ክንእከብ ኢና። ናይዚ ዓመት እዚኣ ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ኣብ **<u>gymnasiedagarna.se</u>** ከምኡ ከኣ ካብ ሰዓታት 8.00- 19.00 ኩሉ መዓልቲ ክፉት ክኸውን ኢዩ።

እቲ ርክብ ኣብ ክልተ ኽፋላት ተመቒሉ ኣሎ። እቲ ሓደ ምስ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርታት ትራኸበሉ እዩ, እቲ ሓደ ኸኣ ብዛዕባ እተፈላለየ ሞያታትን ኩባንያታትን ኢንዱስትሪታትን ዝያዳ ትመሃረሉ ወይ ትፈልጠሉ እዩ።

ኣብ እዋን ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ምስ ኣማኸርቲ መጽናዕትን ሞያን (studie och yrkesvägledare) ብጽሑፍ ክተዕልል ትኽእል ኢኻ። ናብ እተፈላለየ ሞያታታትን ኢንዱስትሪታትን ዝመርሕ ኣየናይ ዓይነት ኮርሳት ምኳኑ ንኽትፈልጥ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

ነቶም ሓደሽቲ ኣብ ሽወደን ዝኾንኩም ወይ ክኣ ቋንቋ ጸገም ዘለኩም ዝሕጉዙኩም ሰባት በብቋንቋንኹም ተቀሪብልኩም ኣሎ። እቶም ቋንቋታት ተቀሪቦም ዘለዉ ብዓረብኛ, ሶማልያ, ፐርሺሽካ, ትግርኛ ከምኡ ከኣ ዳሪ እዮም። ብቋንቋኩም ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ናይ ደወል ክትሕዝ ትኽእል ኢኹም። ሰዓታት ናይ ደወል 26-27 ጥቅምቲ ካብ ሰዓት 8.30-15.30 ከምኡ ከኣ 28 ጥቅምቲ ካብ ሰዓት 8.30-18.30

**ቆጸራ መትሓዚ ሊንክ፥** www.trippus.net/bokning-sprakguide

## ብኸምዚ ኣገባብ ናብ ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ክትበጽሕ ትኽእል

ኤለክትሮኒካዊ ጂምናሲዳጋርና ብርግጽ ንኹሉ ሰብ ክፉት እዩ ዋላውን ካብ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ወጻኢ። እንድሕር ነብስኻ ትኽእል ኮይንካ ንኣብነት ምስ ሞጉዚትካ እንድሕር ኮይንካ ቆጸራ ምሓዝ ኣየድልየካን እዩ።

## እዚ ካብ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ወጻኢ ዝግበር ምብጻሕ ዝምልከት እዩ።

- እቲ ምብጻሕ ነጻ ክፍሊት እዩ።
- ናብ ምርኢት ንምእታው ስምካ, ስም ቤት ትምህርትካ (ተመሃራይ እንተኾይንካ) ምምሕዳር ከተማን, ኢ-መይልን ብምእታው ትምዝገብ።
- ምስ ተመዝገብካ ናብ ኤለክትሮኒካዊ ምርኢት ትኣቱ። ኣብኡ ምስ ደስ ዝበለካ ኩባንያታት ከተዕልል ትኽእል ኢኻ። ኣብ እተፈላለየ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝርከቡ ተመሃሮን መምህራንን እውን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ, መደረታትን ፊልምታትን ካልእ ናውት እውን ይቀርብ እዩ።

## ራብዓይቲ መዓልቲ - ነቶም ኣብ ናይ ኣእምሮ ጸገም ቤት ትምህርቲ (Gymnasiesärskolan) ንዘመልከቱ እያ ትምልከት

ዕለት 18 ሕዳር ነቶም ናብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ኣእምሮ ጸገም ቤት ትምህርቲ ንዘመልኩቱ ኣብቲ ኸባቢ ምስ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርትን, ተወከልትን, ናይ ስራሕ ህይወት ንኽራኸቡ ኣጋጣሚ ክኽፈት እዩ። ኣብዚ ዓመት እዚ እታ ራብዓይቲ መዓልቲ ብሒደት መልክዕ ኣካላዊ ምርኢት ክትከውን እያ።

ዕለት፡ 18 ሕዳር

**ሰዓት፡** 09.30 – 19.30

ቦታ፡ Göteborgsregionen (GR), Anders Personsgatan 8, Göteborg. ኣብዚ ካርታን ኣንፈትን መንገድን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ምዝገባ፡** እቲ ተሳትፎ ነጻ ክፍሊት እዩ, ኮይኑ ግን ምእንቲ ርሕቀትና ክንሕሉ ኣቀዲምካ ኽትምዝገብ ኣሎካ። ዝያዳ ሓበሬታትትን ናይ ምዝገባ ሊንክ ኣብዚ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ናብ ምርጫ ዝመርሕ መንገዲ – ሓበሬታ ንሞግዚት

ኣብ ቀውዒ ብድምር 14 ተኸታታሊ ክፋላት ዝሓዘ ዓንቀጻት ናብ ምርጫ ዝመርሕ መንገዲ ”vägen mot valet” ዝርእስቱ ዓምዲ ክንዝርግሕ ኢና። እዚ ዓምዲ እዚ ኹኣ ብዛዕባ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ ምርጫታትን ኣገዳሲ ፍልጠት ንክህልወካ ዝሕግዝ እዩ።

እዚ ዓንቀጻት ገለ ኽፋል ንሞግዚት ዝተዳለወ እዩ ገለ ኽፋል ከኣ ንተመሃሮ ዝተዳለወ እዩ።

እዚ ”ናብ ምርጫ ዝመርሕ መንገዲ” ነቲ ኣቀዲሙ ብዛዕባ ምርጫታት ካልኣይ ደረጃ ትምህርት ንምሕባር ዝግበር ዝነበረ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ክትክእ እዩ።

እቲ ዓንቀጻት ኸምዚ ዝስዕብ ይመስል፡

- ከመይ ገይረ ንውሉደይ ብዝበለጸ መንገዲ ክሕግዞ ይኽእል
- ኣብ መንጎ ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ ምድላው ፕሮግራማትን ናይ ሞያ ፕሮግራማትን ዘሎ ፍልልይ
- ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ
- ናይ መጻኢ ናይ ስራሕ ዕድላት
- ምቅጻል ትምህርቲ ናብ ዩኒቨርስቲታትን ኮሎጅን
- ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምርጫ ብዓረብኛ
- ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምርጫ ብእንግሊዝኛ